# ምኽሪን ደገፍን

– ሓልዮት ግለ-ሰብን ስድራቤትን ኣብ ”Norsjö”



NORSJÖ kommun

*ምስ "IFO'' ተራኺብካ፡ ምኽሪን ደገፍን ክትረኽብ ከም ትኽእል ትፈልጥ ኢኻ ኢልና ንኣምን። እዚ "ሓልዮት ግለ-ሰብን ስድራቤታትን'ዚ (Individ- och familjeomsorgen, IFO'' እቲ ስርሑ፡ ንቖልዑ፡ ንመእሰያት፡ ንዓበይቲ፡ ንስድራቤታት፡ ከምኡውን ነቶም ኣድላይነት ዘሎዎም ኣዝማድ፥ ደገፍ ንምሃብን ምሕጋዝን'ዩ። እዚ ንጥፈት'ዚ ብተወሳኺ፥ ናይቶም ናይዚ ኮሙን'ዚ ቆልዑን፥ መንእሰያትን፡ ዓበይትን፡ ጽቡቕ ንኺህልዉ ከም ዕላማ ብምውሳድ፥ መከላኺ ስጉምቲታት ይወስድ'ዩ። ሕቶታት ምስ ዚህልወካ ወይ ገለ ዓይነት ደግፍ ዘድልየካ ምስ ዚኸውን፥ ምስ "IFO'' ርክብ ብምግባር፥ ተወሳኺ ሓበሬታን፡ ምኽሪን፡ ደገፍን ወይ ውን ምልከታ ንምቕራብ ክሕግዙኻ እዮም።*

*ምኽሪን ደገፍን ንምርካብ ወይ ንተወሳኺ ሓበሬታ ርክብ ምግባር ማለት፥ መጽናዕቲ ብዛዕባኻ ምጅማር ማለት ኣይኮነን። ምልከታ ምስ ተቕርብ'ዩ መጽናዕቲ ምግባር ዝበጋገስ፥ ምኽንያቱ ድማ መታን እቲ ንዓኻ ዚሰማማዕ ክንወስዶ ዘድሊ ስጉምቲ ንምግምጋም ክጥዕመና ብማለት፥ ከምኡውን ብዛዕባ ናይ ህይወትካ ሃለዋት ብዝያዳ ክንፈልጥ ስለ ዘድልየና እዩ። ኣድላዪ ምስ ዚኸውን፡ ካልእ "ክፉት-መእተዊ" (öppen ingång) ዚበሃል ውን፥ ውሳኔ ከይተወስደ ምስ ሓደ "ማሕበራዊ-ስነ-መምህር" (socialpedagog) ክትራኸበሉ ትኽእል፥ ክሳብ 3 ጊዜ ናይ ምዝርራብ ዕድል ኣሎ እዩ።*

*ኣብቲ መደምደምታ ናይዚ ጥራዝ'ዚ፡ ብጀካ "IFO'' ፡ ብዛዕባ ካልኦት ተዋስእቲ ትካላትውን ሓጸርቲ ሓበሬታታት ክትረክብ ኢኻ።*

*ሕቶታት ምስ ዚህልወካ ወይ ምልከታ ምቕራብ ምስ ትደሊ፥ በቲ ናይ ኮሙን ዓዳሊ ስልኪ ቁጽሪ 0918-14 000 ጌርካ፥ ምስ "IFO" ክትራኸብ ንዕድመካ። ተወሳኺ ሓበሬታ፡ ኣብቲ ናይ ኮሙን ኣድራሻ ኢንተርነት ክትረክብ ኢኻ።*



# ኣብ ውሽጢ ”IFO” ኪውሰድ ዚኽእል ስጉምቲ

## ”ክፉት-መእተዊ” (Öppen ingång)

በብዓይነቱ ”ናይ ዝርርብ ደገፍ”፥ ብዛዕባ ወላዲ-ምኺንን” ”ወልፍታትን” ብዚምልከት፥ ምስ ”ማሕበራዊ ስነ-መምህር” ሓቢርካ፥ ”ብጸሓፊት ማሕበራዊ ጉዳያት” ገለ ውሳኔ ምውሳድ ከየድለየ፥ ክሳብ 3 ጊዜ ዚኣክል ምርኻብ ክትገብር ይክኣል'ዩ። እቲ ዚግበር ”ዝርርብ”፡ በነጻን ምስጢራዊን ስለ ዚኸውን፥ ኣብ መዝገብ ኣይሰፍርን'ዩ። እቲ ዚርርብ ምስቲ ነናትካ ኣድላይነታት/ፍቓድን ኣሰማሚዕካ ዚግበር'ዩ። ንሱ ድማ፡ ብቴሌፎን ወይ ኣብቲ ”kommunhuset” መጺእካ ኪግበር ይክኣል እዩ። ብቐጥታ ምስ ”ማሕበራዊ-ስነ-መምህር” ርክብ ብምግባር ናይ ዝርርብ ቆጸራ ሓዝ። እዚ ”ክፉት-መእተዊ” (Öppen ingång) ንኻልኦት ቀረብካ ውን ዘገግል'ዩ።

## ናይ ዝርርብ ደገፍ

ንዓኻ፡ ናይ ምዝርራብ ኣድላይነት ዘሎካ ሰብ፥ ምስ ሓደ/ቲ ሞያዊት ሰብ ንምርኻብ፤ ንኣብነት ኣብ ጊዜ ወልፈኛነት ወይ ስነ-ኣእምሮኣዊ ዘይምጥዓይ ዚግበር ናይ ዝርርብ ደገፍ'ዩ። እዚ ደገፍ'ዚ ዋላ ንኻልኦት ቀረባ-ቤተሰብካ ውን ኪወሃብ ዚኽእል'ዩ።

## ”ደገፍ-ወለዲ” Föräldrastöd

እዚ ደገፍ'ዚ፡ ንኣብነት ንስኻ ከም ወላዲ መጠን፡ ኣብ ልዕሊ ደቅኻ ”ደረታት” ንምግባር ንኽትክእል፤ ንደቅኻ ብንጹርነትን ብፍቕሪን ንኽትመርሖም ዚግበር ደገፍ'ዩ። ከምኡውን፡ ነቲ መሰረታዊ ኣድላይነታትን ነቲ ስምዒታዊ-ህላወን ንኽተማልእ ክትክእል ንምድጋፍ'ዩ። እቲ ”ደገፍ-ወለዲ”፡ ኣብ ገዛኻ ኣብ መንጎ ወለዲ/ቀረብ ዚግበር ርክባት፡ ንኣብነት ምሽማት ”ኣስቤዛ”/መኣዲ ኣብ ዚግበር ምውጻእ መደብ ኪኸውን ይኽእል። እዚ ደገፍ'ዚ ኣድላዩ ስም ዚኸውን፥ ኣብ ካልእ ናይ ሓቢርካ ምርኻብ ኣጋጣሚ ውን ክኸውን ይኽእል'ዩ።

## ”ኮፐ” Cope

ብጽሑፍ ዝተዳለወ ናይ ወለዲ ትምህርቲ፥ ናብቶም ካብ 3–12 ዕድመ ዝዕድሚኦም ቆልዑ ዘሎዉዎም ወለዲ ዘቕንዐ ትምህርቲ'ዩ። እቲ ዕላማ ብሰፊሑ፥ ነቶም ወለዲ ናይ ደቆም ጠባይ ክርድኡን ኪኣልዩን ኪኽእሉ፥ ናይ ኣገባብ መሳርሒ ንምስናቖም እዩ። እዚ ትምህርቲ'ዚ ብጉጅለታት ወይ ብውልቅኻ ኪግበር ይኽእል'ዩ።

## ”ኤፍ. ቤ. ቴ” FBT - Föra barnen på tal

ብጽሑፍ ዝተዳለወን ቅርጻዊ-ስርዓትን ብዘሎዎ ሜላ፥ ብዛዕባ ወላዲ ምኺን፡ ኣብ ጊዜ ናይ ወለዲ ወልፈኛነትን ስነ-ኣእምሮኣዊ ዘይምጥዓይ ወይ ኣብ ጊዜ ከበድቲ ሕማማት (ካንሰር ወይ መልመስቲ)፥ ቆልዑ ኣበየናይ ሃለዋት ኪህልዉ ከም ዚኽእሉ፥ ምስ ወለዲ ዝርርብ ምኽያድ'ዩ። ዕላማ ናይዚ ዝርርብ ድማ፡ ወለዲ ብወገኖም ምስ ቆልዑ ንምዝርራብ ንኪኽእሉ ዚሕግዝ'ዩ።

## መራሒ እናሃለወካ ምዝርራብ Coachande samtal

መሪሒ እናሃለወካ ምዝርራብ፡ ነቲ ዘሎካ ዕድላት ብዝያዳ ንቕሓት ንኽትጥምቶ ይገብረካ እዩ። እቲ መሪሕ ሰብ ምህላው ውን፡ ፍልጠትካ ክዓምቕ ዝያዳ ሓላፍነት ከም ትስከም ብምግባር፥ ናብ ዕላማኻ ብቐሊሉ ከም ትበጽሕ ዚገብረካ እዩ።

## ”ኤም. ኢ. መተባብዒ ዝርርብ” MI - Motiverande samtal

እዚ ”ኤም. ኢ.” (MI)፡ ኣብቲ ኣገባብ ኣነባብራኻ፡ ብዛዕባ ጠባይካ ንምቕያርን፡ ነቲ ተገዳስነትካ ክብ ንምባልን፡ መተባብዒ ምሃብ ዚምልከት’ዩ። ንኣብነት እዚ፡ ኣብ ሽግር ወልፈኛነት ዚወሃብ ሓበሬታን ዚግበር ዝርርብን’ዩ።

## ”ሪ-ፓልስ” RePULSE

እዚ፡ ሃንደበታዊ-ስምዒትካ ንምቁጽጻርን ማሕበራዊ-ፍልጠትካ ንኽተዕቢን ዚግበር ምልምማድ፥ ኣዝዩ ፍቱን ዚኾነ ሜላ’ዩ። ብዛዕባ ነንበይኖም ኩነታት፡ ምዱብ መጽናዕቲን ኣቀራርጻን ጌርካ፥ ኣብ ገለ ካብቶም ዘጋጠሙኻ ኩነታትን ዝተራእዩ ስምዒታትን ብምስትንታን፥ ቆልዓ/መንእሰይ/ወላዲ፡ ካብቲ ዘርኣይዎ ሓሳባትን ጠባያትን ክመሃሩን፥ ብዝበለጸ ንናይ መጻኢ ኩነታት ከመይ ኪገብሩ ከም ዘሎዎምን፥ ዕጥቂ ከም ዝረኽቡ ምግባር’ዩ።

## ”ንኸይምለሰካ-ምክልኻል” ÅP - Återfallsprevention

እዚ ”ኦ. ፔ.” (ÅP) እዚ፡ ነቲ ናይ ወልፈኛነት ሽግርካ ንኸይደግሰካ፥ ንኣብነት መስተ፡ ናርኮቲካ፡ መድሃኒት፡ ሽጋራ፡ ወልፊ-ጠላዕ ወዘተ፥ ንመንእሰያትን ንዓበይትን ዚግበር ናይ መፈወሲ ኣገባብ’ዩ። እዚ ”ኦ..ፔ.” እዚ፡ ኩነታት ከባቢኻ ብምቁጽጻርን፡ ናይቲ ናብ ሓደጋ-ድግሰት ከውድቐካ ዚኽእል ፍልጠት ብምርካብ፥ ነቶም ናይ መስተ፡ ናርኮቲካን ጠላዕን ጠባያት ብኻልእ ብምቕያር፥ ናይ ወልፈኛነት ሽግርካ ንኸይምለሰካ ንምክልኻል ዚወሃብ ናይ ነዊሕ ጊዜ ናይ ተሓድሶ መፈወሲ ኣገባብ’ዩ። እዚ ፕሮግራም’ዚ፡ 8-10 ዚኣኽሉ ናይ ርክባት ጊዜ ዚወስድ መደብ’ዩ።

## ”ክራፍት” CRAFT

እዚ ፕሮግራም’ዚ፡ ናብ ቤተስብን ኣዝማድን ናይቶም ናይ ወልፊ ሽግር ዘሎዎም ሰባት ዘቕንዐ እዩ። እቶም ተኻፈልቲ፡ ዋላኳ እቲ ወልፈኛ ሰብ ህይወቱ ንምቕያር ስጉምቲ ክውሰድ ይድለ ኣይድለ ብዘየገድስ፥ ንሳቶም ግን፡ ኣገባብ ኣነባብርኦም ብምቕያር፡ ናይ ህይወት ጣዕሚ ንኽህልዎም፥ ነንበይኑ ፍልጠት ዝረኽቡሉ ትምህርቲ ንምሃብ እዩ። እዚ ፕሮራም’ዚ፡ 10-14 ዚኣኽሉ ናይ ርክባት ጊዜ ዚወስድ መደብ ኰይኑ፥ ናብቶም ልዕሊ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ሰባት ዘቕንዐ መደብ’ዩ።

## ”ዓመጽ ኣብ ቀረባ ዝምድና” Våld i nära relation

ዓመጽ ክበሃል ከሎ፡ ኣካልዊ መውቃዕቲ፡ ስነ-ኣእምሮኣዊ ምስቓይ፡ ጾታዊ-ምድፋር፡ ንብረታዊ ወይ ቁጠባዊ ሸፍጥነት ክኸውን ይኽእል’ዩ። እዚ ”ኢ. ፎ.” (IFO)፡ ዕድሜኻ ብዘየገድስ፡ ንኹሉ ቅድሚ ሕጂ ይኹን ሕጂ ናይ ዓመጽ ተግባር ዝተፈጸሞ ሰብ፥ ማለት መውቅዕቲ፡ ምፍርራሕ፡ ውርደት፡ ሕስራን ወይ ውን ብገለ ዓየንት ኣገባብ፡ ሕማቕ ኣተሓሕዛ ንዝተገብረሎም ሰባት ዚሕግዝ’ዩ። እቶም ኣብ ልዕሊ ካልእ ሰብ ዓመጽ ዚፍጽሙ ሰባት ንገዛእ ርእሶም ውን፥ ካብ ”ኢ. ፎ.” በብውልቆም ሓገዝን ፍወሳን ይግበረለሎም እዩ። ወይ ድማ (በብውልቂ ወይ በብጉጅለ)፡ ኣብ ”Centrum för män’’ ኣብ ”ሽለፍተዮ” ኪግበረልካ ይኽእል’ዩ።

## ”ኢ. ቴ. ቬ.” ATV – alternativ till våld

ዕላማ ናይ’ዚ “ኣብ ክንዲ ዓመጽ” ተባሂሉ ዚግበር ዝርርብ’ዚ፥ እቲ ዚምልከቶ ሰብ፡ ኣብ ውሽጢ ስድራቤቱ (ኣብ ቀረባ ዝምድናታቱ) ዓመጽ ምጥቃም ጠጠው ንኸብል ዚግበር ዝርርብ’ዩ። ኣብቲ ዝርርብ’ቲ ካብ ዚልዓሉ ጉዳያት፥ ብዛዕባ ናይ ሓላፍነት ሕቶ፡ ሳዕቤናት፡ ከምኡ ውን ናይቲ ትገብሮ ዘሎኻ ተግባር ርድኢትን፥ ብዛዕባ ካልእ ክትገብሮ እትኽእል ኣማራጺ ነገራትን’ዩ።

## ”ትራፓን” Trappan

እዚ፡ ሓደ ናይ መፈወሲ (መሐከሚ) ዓይነት ኣገባብ፤ ነቶም ኣብ ስድራቤቶም መውቃዕቲ ክፍጸም ከሎ ዝርኣዩ ወይ ንባዕላቶም ውን ግዳይ መውቃዕቲ ዝኾኑ ቖልዑ ዚግበረሎም ናይ ቀውሲ ዝርርብ እዩ።

## ”ኣነ እኽእል’የ” Jag kan

እዚ፡ ካብ ሓደ ጽሑፍ ተበጊስካ፡ ነቶም ኣብ መንጎ 5-12 ዝዕድሚኦም ቆልዑ ንምሕጋዝ፥ ተማሂሮም ፍልጠት ከም ዝረኽቡን፥ ነቲ ሽግራት ክስዕሩሉን ዚኽእሉ፥ ናብ ፍታሕ ዝጠመተ ናይ ትግባረ ሜላ እዩ።

## ”ደገፍ መንበሪ ቤት” Boendestöd

እዚ ደገፍ መንበሪ ቤት ናይ ምርካብ፥ ንዓኻ/ኺ 18 ዓመት ዝመላእኻ መንእሰይ ወይ ኣካላዊ ስንክልና ዘሎካ ዓቢ ሰብ ወይ ስነ/ኣእምሮኣዊ-ስንክልና ዘሎካ ወይ ኣካላዊ-ስንክልና ዘሎካ ወይ ብምኽንያት ወልፊን ስነ-ኣእምሮኣዊ ጸገማትን፥ ማሕበራዊ-ሕማምን ንዘሎካ ሰብ ዘቕንዐ እዩ። ዕላማ ናይ’ቲ ዚግበር ናይ መንበሪ ቤት ምርካብ ደገፍ፥ ንዓኻ፡ ብዝተፈላለየ መገዲ ዕለታዊ ህይወትካ ፍታሕን ምትብባዕን ረኺቡ፥ ከም ዝቃለለካ ንምግባር’ዩ። እቲ ናይ’ዚ ደገፍ መንበሪ ቤት ናይ ምርካብ ላዕለዋይን ናይ ርሑቕ ጊዜን ዕላማ፤ ንስኻ ካብቲ ዘሎ ህልዉ ኩነታትካ ተበጊስካ፥ ብዝተኻእለ መጠን ናብ ገዛእ ርእስኻ ነፍሰ-ምርኩሳ ንኽትገብር ዚግበረልካ ደገፍ’ዩ።

## ”ኢ. ኤስ. ኤል.” ESL – ett självständigt liv

ኣብ ውሽጢ’ቲ ዚግበረልካ ”ደገፍ መንበሪ ቤት”፥ ናይ ”ኢ. ኤስ. ኤል - ጊዜ” (ESL-tid) ኪፍቀደልካ ይኽእል’ዩ። ትርጉም ናይ’ዚ ”ኢ. ኤስ. ኤል” (ESL) ድማ፥ ሓደ ኣብ ”ማሕበራዊ/ስነ-ምምህርና” ዝተመርኮሰ፥ ኣብ ጽሑፍ ብዝሰፈረ ናይ መፈወሲ (ናይ ሕክምና) ሜላ፥ ብናይ ዕላማ መደባት ዝተኸፋፈለ፥ ብውልቀ-ሰብ ወይ ብጉጅለ ክትጥቀመሉ ትኽእል ናይ መፈወሲ ኣገባብ እዩ።

## ” ዝርርብ-ምትሕግጋዝ” Samarbetssamtal

”እዚ ናይ ምትሕግጋዝ ዝርርብ” ዚበሃል፡ እቲ እቶም ዝተፋትሑ ሰባት ኣብ ጉዳያት ሓላፍነት ምዕባይ ቆልዓ፥ መንበሪ ቤት ከምኡውን ምስ ውላድካ ናይ ምርኻብ መሰል ዝኣመሰሉ ኣርእስቲታት፥ ናብ ሓባራዊ ምርድዳእ ንኽመጹ ዚግበረሎም ናይ ምዝርራብ ዕድል’ዩ። እቲ መበገሲ ሕቶ፡ እቲ ነቶም ቆልዑ ጽቡቕ ዝኾነ ነገር ቀዳምነት ንምሃብ’ዩ።

## ”ተሓጋጋዚ-ርክብን” ”ተሓጋገዝቲ-ስድራቤትን” Kontaktperson och kontaktfamilj

እዚ ”ተሓጋጋዚ-ርክብ”፡ ኣብ መዓልታዊ ሃለዋትካ ደገፍን ምኽሪን ዚህብ፥ መታን ንኽይትንጸል (ከይጽምወካ) ንኽትሕገዝ ድማ፥ ምሳኻ ዝራኸብን ኣብ ናይ ነጻ ጊዜ ንጥፈታት ውን ምሳኻ ዚዋሳእን ሰብ እዩ። እዚ ”ተሓጋገዝቲ ስድራቤት” ዚብል ድማ፥ ቆልዑ ንዘሎዉዎም ስድራቤታት ደገፍ ንምሃብ ዚግበር’ዩ። እዚ ድማ፡ እቲ ቆልዓ ናብቶም ስድራቤት እናኸደ፡ ንገለ መዓልታት ኣብ ወርሒ ምስታቶም ምቕናይ ክኸውን ይኽእል። ”ተሓጋገዝቲ ስድራቤት” ምርካብ፡ ብዙሕ ዚምስገንን ተደላይነት ውን ዘሎዎ ደገፍ ናይ ምሃብ ኣገባብ’ዩ። እዚ ሓደ ካብቲ ናይ ቤትስልጣን ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዚህቦ ናይ ደገፍን ምክልኻልን ስጉምቲ እዩ። ኵሎም’ቶም ”ተሓጋገዝቲ-ስድራቤታት” ዘሎዉዎም ሰባት፥ ባዕላቶም ነዚ ደገፍ’ዚ ንምርካብ ዝገበርዎ ምርጫ’ዩ።

## ”ቁጠባዊ-ደገፍ” Ekonomiskt stöd

ቁጠባዊ መተሓዳደሪኻ ባዕልኻ ንኽተማልኦ ምስ ትሽገር፥ ቁጠባዊ-ሓገዝ ንምርካብ ናብ ”IFO” ምልክታ ክተቕርብ ትኽእል ኢኻ። ኣብዚ ውን ብተወሳኺ፡ ኣብ ሽለፍትዮ ብዛዕባ “ባጀትን” ብዛዕባ “ምኽሪ-ዕዳን” ክተዘራርቦ ምስ ትኽእል ሰብ ንምርኻብ ክትሕገዝ ትኽእል ኢኻ።
ብዛዕባ’ዚ ዝያዳ ሓበሬታ ኣብ ኣድራሻ ኢንተርነት ’’Norsjö kommun’’ ክትረክብ ኢኻ።

### ”ኤል. ኤስ. ኤስ.” LSS

ብመሰረት ”ሕጊ ደገፍን ኣገልግሎትን” (LSS)፡ ንገለ ስንክልና ዘሎዎም ሰባት፡ በቲ ኮሙን ኣቢልካ ሓገዝ ንምርካብ ምልክታ ክተቕርብ ዕድል ኣሎካ። እዚ ”ኤል. ኤስ. ኤስ.” (LSS) ዚበሃል እቲ መሰል ናይ ምርካብ ዝጸደቐ ሕጊ ኰይኑ፤ ነቶም ከቢድን ዘላቒን ስንክልና ዘሎዎም ሰባት፥ ጽቡቕ ናይ ህይወት ኩነታት ንኽህልዎም ውሕስነት ዚህብ፤ ኣብ መዓልታዊ ህይወቶም ድማ፡ ነቲ ዘድልዮም ሓገዝ ንምርካብ፥ ከምኡ ውን፡ እንታይ ዓይነት ደገፍን ኣገልግሎትን ከም ዚረኽቡ ናይ ባዕሎም ጽልዋ ንምግባር ዘኽእልን'ዩ። እቲ ዕላማ፡ እቲ ሰብ'ቲ ልክዕ ከምቶም ካልኦት ንምንባር ዘኽእል ዕድል ንምሃብ'ዩ።

### ”ኣገልግሎት-ቤት” Hemtjänst

ዕላማ ናይ'ዚ ”ኣገልግሎት-ቤት'ዚ” (hemtjänst)፥ ንስኻ ዝሓመምካ ወይ ስንክልና ዘሎካ ሰብ፡ ነቲ መዓልታዊ ህይወትካ ንምቅላል ዚግበር ዚወሃበካ ኣገልግሎት'ዩ። ከምኡ ብምግባር ድማ፡ ነቲ ዘሎካ ዓቕሚ ብምሕያል፡ ብዝተኻእለ መጠን ኣብቲ ዘሎኻዮ ቤት እናነበርካ ንኽትቅጽል ዕድል ንምሃብ እዩ።

*ኣብቲ እዚ ”ክፉት ናይ ክንክን ስጉምቲ'ዚ” (öppenvårdsinsatser) እኹሉ ዘይኰነሉ ኩነታት፤ ኣብ ካልእ ቦታ ተመዲብካ ክትነብረሉ ትኽእል ዓይነታት ናይ ደገፍ ኣገባባት ውን ኣሎዉ እዮም። እቶም ዓይነት ደገፋት እቲኦም፥ ኣብዚ ጽሑፍ'ዚ ኣይተገልጹን'ዮም ዘሎዉ።*

## ምኽሪታት - ካብዚ ናይ ”ኢፎ” ወጻኢ
## TIPS utanför IFO

### ”ኣ. ቤ. ሴ. ኵሎም ቆልዑ ኣብ ማእከል” - ABC – Alla barn i centrum

እዚ ናይ ሓገዝ ስጉምቲ'ዚ፡ ናብቶም ዕድሚኦም 3–12 ዓመት ዝኾኑ ቆልዑ ዘሎዉዎም ወለዲ ዘቕንዐ እዩ። እዚ ”ኣ. ቤ. ሴ.” (ABC) ማለት፡ ብኣርባዕተ ነናቱ “ኣርእስተ-ቴማ” ዘሎዎ ናይ ጉጅለ ኣኼባታት ዝቖመ እዩ። ኣብቲ እዋን ኣኼባታት ድማ፡ ምስ ካልኦት ወለዲ ሓቢርካ፥ ብዛዕባ ወላዲ-ምኂን ከመይ ከም ምኂኑ ንኽትዛተ ዕድል ምርካብ ማለት'ዩ። ገለ ካብ'ቲ ትሕዝቶ ናይቲ “ኣርእስተ-ቴማታት”፥ ወላዲ፡ ብኸመይ ናይ ውላዱ ርእሰ-ተኣማንነት ከተባብዕን፥ ብኸመይ ምስኡ ዝምድንኡ ከሐይል ከም ዚኽእልን ዚገልጽ እዩ። እዚ ድማ በብጉጅለ-ተኸፋፊልካ፥ በብዓመቱ ካብ “ኮሚቴ ጥዕና-ህዝቢ ኣብ ነሾ” (folkhälsorådet i Norsjö) ዚወህብ'ዩ።

### ”ፍትዊን መትከኺን ኮተቴ” Älskade förbannade tonåring

እዚ ናይ ደገፍ ወፍሪ'ዚ፡ ነቶም ኣብ መነነ 13-17 ዝዕድሚኦም ቆልዑ ዘሎዉዎም ወለዲ ዘቕንዐ እዩ። ኣብ ውሽጢ ኣርባዕተ ኣኼባታት፥ ብዛዕባ ነቶም ወለዲ ናይዞም ኮተቴ ቆልዑ ሓድሽ ዘይኰኑ፥ ልሙዳት ኣብ መዓልታዊ ህይወቶም ዘጋጥሙ ኩነታት፥ ከም ዝትንተኑ ይግበር። እዚ ድማ በብጉጅለ-ተኸፋፊልካ፥ በብዓመቱ ካብ “ኮሚቴ ጥዕና-ህዝቢ ኣብ ነሾ” (folkhälsorådet i Norsjö) ዚወሃብ'ዩ።

### ”ኮፕ በብጉጅለ” Cope i grupp

እዚ ’’ኣብ ጽሑፍ ዝሰፈረ’’ (Manualbaserad) ናይ ወለዲ ትምህርቲ ኰይኑ፤ ናብቶም ኣብ መንጎ 3–12 ዝዕድሚኦም ቆልዑ ዘሎዉዎም ወለዲ ዘቕንዐ ናይ ትምህርቲ መደብ'ዩ። እቲ ዕላማ ብዝልዓለ ደረጃኡ፥ ነቶም ወለዲ ነናይ ደቆም ጠባያት ንምርዳእን ነቲ ጠባያቶም ንምእላይን ዘኽእል ናይ ፍልጠት መሳርሒ ንምሃብ'ዩ። እዚ ድማ በጉጅለ-ተኸፋፊልካ፥ በብዓመቱ ካብ “ኮሚቴ ጥዕና-ህዝቢ ኣብ ነሾ” (folkhälsorådet i Norsjö) ዚወህብ'ዩ።

## ”ግላዊ-ወኪል” Personligt ombud

እዚ ”ግላዊ-ወኪል” (Personligt ombud) ዚበሃል፥ ሓደ ነቶም ስነ-ኣእምሮኣዊ ስንክልና ዘሎዎም ሰባት ከም ወኪል ኰይኑ ዚዛረበሎም ሰብ’ዩ። እዚ ካብ ናይ ቤትስልጣን ወጻኢ ዚግበር’ዩ እዩ። እዚ ”ግላዊ-ወኪል” ዚብል ንጥፈት፥ ብድሌትካ ዚግበር ገንዘብ ዘይክፈሎ፥ ናይ ሕክምናዊ-መሰነይታ ወረቐት ውን ዘየድልዮ እዩ። ብዛዕባ’ዚ ዝያዳ ሓበሬታ፡ ኣብ ናይ ”Norsjö kommun” ኣድራሻ ኢንተርነት ከምኡ ውን ኣብቲ ”personligt ombud i Västerbotten” ኢልካ፥ ኣብ ኣድራሻ ኢንተርነት www.povasterbotten.se ክትረክብ ኢኻ።

## ”ደገፍ-ንስድራቤት፡ ናይ መብረ-ሓገዝ” Anhörigstöd, avlastning

ስንኩላት ኣባላት ስድራቤቶም ንዘልዕሉ፥ ንስድራቤት ዚወሃብ ደገፍ ናይ ምርካብ ዕድል ኣሎ። ገለ ካብቲ ዚግበረልካ፡ ”ናይ ቤተሰብ ኣኼባታት” ብምግባር፡ ነቶም “መልዓልቲ-ሰባት” ዚኸውን ንጥፈታት ምድላው፥ ከምኡ ውን ብቴሌፎን ዚወሃብ ምኽሪን ደገፍን እዩ።

ናይ ”ደገፍ-ውሳኔ” (biståndsbeslut) ተጌሩ ደገፍ ትረኽበሉ ዕድል ውን ኣሎ እዩ። ብዛዕባ’ዚ ብዝያዳ ኣብ ናይ ”Norsjö kommun” ኣድራሻ ኢንተርነት ኣቲኻ ኣንብብ።

## ”ብዓል-ሕድሪ”፡ ”ተኸታታሊ ብዓል-መዚ”፡ ”ኣላዪ ብዓል-መዚ” God man, förvaltare, förmyndare

ሓደ ብዓል-ሕድሪ ወይ ”ተኸታታሊ ብዓል-መዚ” (god man eller förvaltare) ዚበሃል፥ እቲ ቁጠባኻ ንምምሕዳር ዚሕግዘካን ንሕጋዊ መሰላትካ ዚከታተልን፥ ናይ መዝነት ስልጣን ዝተቐበለ ሰብ’ዩ። ወይ ውን ኣብ መዓልታዊ ጉዳያትካ ዚተሓጋገዘካ ሰብ ማለት’ዩ። ብዛዕባ’ዚ ብዝያዳ ኣብ ናይ ”Norsjö kommun” ኣድራሻ ኢንተርነት ኣቲኻ ኣንብብ።

## ”ስድራቤታዊ ምኽሪ” Familjerådgivning

ንሰብ ሓዳር፡ ንስድራቤት፡ ከምኡ ውን ውልቀ-ሰባት፥ ብድሌቶም ስጉምቲ ብምውሳድ ”ስድራቤታዊ-ምኽሪ” ንምርካብ ኣብ ሽለፍትየ ክሓቱ ይኽእሉ እዮም። እዚ ዚወሃብ ”ስድራቤታዊ-ምኽሪ’ዚ”፡ ንሓደ ሰብ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ኣኼባ 50 ክሮኖር የኽፍል’ዩ። ብዛዕባ’ዚ ብዝያዳ ኣብ ናይ ” Skellefteå kommun” ኣድራሻ ኢንተርነት ኣቲኻ ኣንብብ።

## ”ምኽሪ ኡደን” Rådgivningen Oden

እዚ ”ምኽሪ ኡደን” (Rådgivningen Oden)፡ ኣብ ሽለፍትየ ብዛዕባ ሕቶታት “ኣልኮላዊ ሽግራት”፥ ”ዕጸፋርስ”፡ ከምኡ ውን “ወልፊ-ጸወታታት” ዚዓዪ እዩ። ስድራቤታት ምስዚ ”ምኽሪ ኡደን” ርክብ ክገብሩ ይኽእሉ እዮም። እቶም ናይዚ ሰራሕተኛት፡ ኣዝዮም ምኩራት ሰባትን፡ ምስጢር ናይ ምሓዝ ግዴታ ዘሎዎምን እዮም። ምስኣቶም ርክብ ንምግባር፡ እትኸፍሎ ገንዘብ የልቦን። ብዛዕባ’ዚ ብዝያዳ ኣብ ናይ ” Skellefteå kommun” ኣድራሻ ኢንተርነት ኣንብብ።

## ”ወለዲ ኣንጻር-ናርኮቲካ” FMN – föräldrar mot narkotika

እዚ ”ወለዲ ኣንጻር ናርኮቲካ” (Föräldraföreningen Mot Narkotika) ዚበሃል፥ ሓደ ናይ ግብረ-ሰናይ ማሕበር፡ ውድብ መርበብ-ተሓጋገዝቲ-ወለዲ እዩ። እዚ ሕብረት’ዚ ሃይማኖታዊን ፖሎቲካዊን ተጸጋዕነት ዘይብሉ፥ እቲ ቀንዲ ንጥፈታቱ ብቐዳምነት ካብቶም ብኸምኡ ሽግር ዝሓለፉ፥ ናብቶም ሓገዝ ንምርካብ ዝሓተቱ ቤተሰብ ወይ ወለዲ፡ ኣሕዋት ከምኡ ውን ናብ ኩሎም ካልኦት ቀረብ ዘቕንዐ እዩ። ሓገዝ ንምሕታት ምስ ትደሊ፡ ምስቲ ኣብ ”ኖርሾ” ዘሎ ናይ “ርክብ-ጉጅለ” ተራኸብ። ኣብቲ ኣድራሻ ኢንተርነት ናይ ”FMN” ኣቲኻ ብዝያዳ ኣንብብ።

## ናይ ርክብ ሓበሬታ “IFO”:

ምስ ”ፈጻምቲ-ጉዳይ” (handläggare) ክትራኸብ ምስ ትደሊ፥ በቲ ናይ ኮሙን ዓዳሊ ስልኪ ቑጽሪ 0918-140 00 ትድልው። ሓበሬታ ብዛዕባ ዚድወለሉ ሰዓታት፥ ካብቲ መዐደሊ ቴሌፎን ክትረኽቦ’ኻ።

**”ክፉት-መእተዊ” Öppen ingång**

ብዛዕባ’ዚ ”ክፉት-መእተዊ” ትግደስ ምስ ትኸውን፥ ብቐጥታ ምስ Emma Viklund, socialpedagog፥ ብቑጽሪ ስልኪ 0918-140 00 ወይ ብኤ-ፖስት: emma.viklund@norsjo.se ክትራኸብ ትኽእል ኢኻ።



NORSJÖ kommun


ኣድራሻ: Storgatan 67
ቁጽሪ ቡስጣ: 935 81, Norsjö
ቴሌፎን: 0918-140 00
ኤ-ፖስት: info@norsjo.se
ኣድራሻ ኢንተርነት: www.norsjo.se